The America Team for
Dialogue ዘተ Victory ዓወት Unity ሓድነት
Freedom for Eritrea

27 ጥሪ 2010

## ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ 1038 በጺሑ ይርከብ።

ካብ 1 ዓመትን 8 ወርሕን ክሳብ 6 ወርሒ፣ ኣብ ቤት ማሕቡስ ግብጻውያን ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ ሎሚ 27 ጥሪ 2010 ሸሞንተ 8ተ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሰላም ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብዞም ሎሚ ዕለት ብሰላም ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም 5ተ ብሰንኪ ግዱድ ዕስክርና ስርዓት ህግደፍ፡ ወተሃደራት ከም ዝነበሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ብሰላም ዝኣተዉ ምስ ናይ ሎሚ ዕለት ዝኣተዉ 8ተ <u>1038</u> በጺሑ ይርከብ።

ነዞም ሎሚ ዕለት ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ <u>ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደተ ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA)</u> ተቐቢሉ፡ ድሕሪ ሓገዝ ቀዳማይ ረዲኤት ምግባር፡ ብሰላምን ብደሞክራሰያዊ ኣካይዳን ናብ የሕዋቶም ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከብሉ መዓስከር ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣፋንይዎም ይርከብ።

### <u>ዝተወሰነ ምስሊ ካብ ሎሚ ዕለት ጥሪ 27, 2010 ዝኣተዉ</u>





### <u>ምስሊ ከስተንፍሱ ካብ ዝርከቡ</u>



